




# Orientation to Ontario

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

## ኣብ ኦንታርዮ ምስራሕ

### ንስራሕ ምድላው

ስራሕ ንምስራሕ፡ Social Insurance Number (SIN ማሕበራዊ ቑጽሪ መድሕን)) ክህሉወካ ኣለዎ። ነዚ ንምርካብ ከመይ ገይርካ ከምእተመልክት ንምፍላጥ፡ ኣብ ኣገልግሎት ካናዳ በዚ ኣድራሻ`ዚ ተወከስ servicecanada.gc.ca

### ምግምጋም መዝገብ ትምህርቲ

እቲ ግምገማ፡ ነቲ ካብ ካናዳ ወጻኢ ዝቐሰምካዮ ስልጠናን ትምህርትን፡ ብመንጽር ስርዓተ-ትምህርቲ ካናዳ፡ ምስ'ቲ ናይ ካናዳ ዝዳረግ እንተኾይኑ ከነጻጽሮ እዩ።

ነዚ ግምገማ'ዚ፡ ክትደልዮን ዘይክትደልዮን ትኽእል ኢኻ። ቅድሚ ስራሕ ንኽትቑጸር መመልከቲ ምእታውካ፡ ምግምጋም መዝገብ ትምህርቲ ዘድልየካ እንተኾይኑ ክትፈልጥ ተመራጺ እዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣብ Canadian Information Centre for International Credentials (ማእከል ሓበሬታ ካናዳ ካብ ሃገር ወጻኢ ንዝተረኸበ መዝገብ ትምህርቲ)ኬድካ ተወከስ cicic.ca

### ብሕጊ ቑጽጽር ዘይግበረሎምን በዓልካ ቑጽጽር ትገብረሎምን ዕዮታት

ብሕጊ ቑጽጽር ኣብ ዘይግበረሎም ሞያታት ወኡ ዕዮታት ንምስራሕ፡ ፍሉይ ፍቓድ ምሓዝ ኣየድልየካን እዩ። ብሕጊ ቑጽጽር ዘይግበረሎም ሞያታት፡ ንኣብነት - ማናጀራት፡ ክኢላታት ቁጠባ፡ ክኢላታት ኮምፕዩተር፡ ተሓዝቲ መዝገብ፡ ወከልቲ መሸጣ፡ ማናጀራት መሸጣን ካልኦት ብዙሓት ሞያታትን የጠቓልል።

መረጋገጺ ብቕዓት ሰርቲፊኬት ዘለዎ ሓደ ሓደ ሞያታት ኣሎ፣ እንተኾነ ኣብ ኦንታርዮ ንኽሰርሕ እዚ ኣየድልን እዩ።

እዞም ሞያታት እዚኣቶም በዓልካ እትቆጻጸሮም ሞያታት ተባሂሎም እዮም ዝጽውዑ። ናይ ሰብኣዊ ዓቕሚ ኣማኻሪ ድማ ኣብነት ናይዚ እዩ። ዋላ`ኳ ሕጊ ዘይጠልቦ እንተኾነ፡ ብዙሓት ኣስራሕቲ ብቕዓቶም ዝተረጋገጸ ሞያውያን እዮም ክቑጽሩ ዝመርጹ።

### ብሕጊ ቑጽጽር ዝገበረሉ ዕዮታት

ብሕጊ ቑጽጽር ኣብ ዝገበረሉ ሞያታት ንምስራሕ፡ ብተቖጻጻሪ ኣካል ኦንታርዮ ዝወሃብ ፍሉይ ፍቓድ ከድልየካ እዩ። ብሕጊ ቑጽጽር ዝግበረሎም ሞያታት፡ ንኣብነት- ማሕበራዊ ሰራሕተኛ፡ ነርስ፡ ሓኪም ማሳጅ፡ ኤለክትሪሻን፡ ኢድራውሊኮ፡ መሃንድስ፡ ነዳፋይን ካልኦት ብዙሓት ሞያታትን።

ሞያኻ ወይ ስራሕካ ብሕጊ ቑጽጽር ዝግበረሉ፡ ቑጽጽር ዘይግበረሉ ወይ ባዕላዊ ቑጽጽር ዝግበረሉ ምዃኑን ዘይምዃኑን ንምፍላጥ፡ ኣብዚ ኣድራሻ`ዚ ተወከስ ontario.ca

ብዛዕባ ምሃብ ፍቓድ ዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብ፡ ናብ Global Experience Ontario (ዓለም-ለኻዊ ተመኩሮ ኦንታርዮ) በዚ ዝስዕብ ቴለፎን ደዉል 1-866-670- 4094 ወይ ድማ ኣብዚ ኣድራሻ`ዚ ተወከስ findlink.at/GlobalExpe

### GLOBAL EXPERIENCE ONTARIO (GEO (ዓለም-ለኻዊ ተመኩሮ ኦንታርዮ))

Global Experience Ontario (ዓለም-ለኻዊ ተመኩሮ ኦንታርዮ)፡ ብሕጊ ቑጽጽር ኣብ ዝግበረሎም ሞያታት ወይ ግዱድ ንግዲ ንዝሰርሑ ኣህጉራዊ ስልጠና ዝወሰዱ ዉልቀ-ሰባት፡ ምስ ጥዕና ዘይተኣሳሰር ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ይህብ። ን GEO ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ቴለፎን ደዉል 1-866-670-4094 ወይ ኣብዚ ኣድራሻ`ዚ ተወከስ ontario.ca

ሓይሊ ጥዕና ኦንታርዮ

HealthForce Ontario (ሓይሊ ጥዕና ኦንታርዮ)፡ ኣህጉራዊ ስልጠና ንዝውሰዱ ሰብ-ሞያ ጥዕና ኣብ ምሃብ ፍቓድን ናይ ስራሕ ኣማራጺታትን ዘተኮረ ሓበሬታ ይህብ። ን HealthForce-Ontario ንምርካብ፡ በዚ ቴለፎን`ዚ ደውል 1-800-596-4046 ወይ ኣብዚ ኣድራሻ`ዚ ተወከስ healthforceontario.ca

### መደባት መራኸቦ ድልድል

መደባት መራኸቦ ድልድል፡ ኣህጉራዊ ስልጠና ንዝወሰዱ ሰራሕተኛታት ስልጠናን ናይ ስራሕ ተመኩሮን፡ ከምኡ ድማ ስራሕ ናይ ምድላይ ሓገዝ ይህብ። እዚ መደባት`ዚ፡ ኣብቲ ብሕጊ ቑጽጽር ዝግበረሉ ሞያኻ ንኽትሰርሕ ዘድልየካ ፍቓድ ወይ ሊቸንሳ ንምርካብ እውን ክሕዘካ ይኽእል።

ብዛዕባ ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ መደባት መራኸቦ ድልድል ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ኣድራሻ`ዚ ተወከስ canada.ca

Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

## ስራሕ ምድላይ

እዞም ዝስዕቡ መደባትን ዌብሳይታትን፡ ሓደስቲ መጻእቲ ብዛዕባ ዕዳጋ ሽቕለት ንኺፈልጡን ስራሕ ንኽደልዩን ይሕግዞም።

- ሓበሬታ ናይ ዕዳጋ ሽቕለት ኦንታርዮ፡- findlink.at/LMI
- Working in Canada Tool (መሳለጢ ስራሕ ኣብ ካናዳ)፡-workingincanada.gc.ca ወይ settlement.org
- ኣገልግሎት ካናዳ ማዕከን ሓበሬታ ስራሕ፡- jobbank.gc.ca

## ስራሕ ንምቑጻር ምምልካት

Employment Ontario (ስራሕ ምቑጻር ኦንታርዮ)- ስራሕ ኣብ እትደልየሉ እዋን፡ ብዛዕባ እቶም ዘለዉ ናይ ስራሕን ናይ ስልጠናን ዕድላት ዝጠልቡዎም ኣድለይቲ ክእለታትን ተመኩሮታትን ቅኑዕ ዝኾነ ሓበሬታ ክህልወካ የድልየካ። ጽቡቕ ዝኾነ ናይ ብቕዓትካ ዝርዝር (resume) ከተዳሉን ውጽኢታዊ ቃለ-ምሕትት ከመይ ጌርካ ከምእተካይድ ክትመሃርን እውን የድልየካ።

ብዛዕባ እዞም ክእለታትን መሳለጢታትን (tools) ዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብ፡ ከምኡ ድማ ምስ ምቅጻር-ስራሕ ዝተኣሳሰሩ ካልኦት ኣገልግሎታት ንምርካብ፡ ኣብቲ ትነብረሉ ማሕበረሰብ ኣብ ቤት-ጽሕፈት Employment Ontario (ምቑጻር-ስራሕ ኦንታርዮ) ብጻሕ። ንቤት-ጽሕፈት ምቑጻር-ስራሕ ኦንታርዮ ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ቴለፎን ደዉል 1-800-387-5514 ወይ ኣብዚ ኣድራሻ`ዚ ተወከስ findlink.at/ineedajob

ንሓፈሻዊ ሓበሬታ፡ ናብ Employment Ontario Contact Centre (ማእከል ምቑጻር-ስራሕ ኦንታርዮ) በዚ ቴለፎን`ዚ ደዉል 1-800-387-5656።

ብእንግሊዝ፡ ፈረንሳን ካልኦት ቋንቋታትን ኣገልግሎታት ኣለዉ።

**Canada Job Bank (ባንክ ስራሕ ካናዳ)** - Canada Job Bank፡ ኣብ ርእሲ`ቲ ንዘለዉ ናይ ስራሕ ዕድላት ምዝርዛር፡ ንስልጠናን ሞያታትን ዝምልከት ሓበሬታ ይህብ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ኣድራሻ`ዚ ተወከስ workingincanada.gc.ca ወይ jobsetc.gc.ca

## ብወለንታ ምስራሕን እናሰራሕካ ትምህርቲ ምቕሳምን

ብወለንታ ምስራሕ፡ ሓደስቲ ክእለታት ንኽትመሃር፡ ተመኩሮ ንኽትቀስምን ምስ ኣስራሕቲ ንኽትራኸብን ዝሕግዘካ ብሉጽ መገዲ እዩ። እናሰራሕካ ትምህርቲ ምቕሳም (internship)፡ ንሓጺር ግዜ ዝጸንሕ ዕድል ናይ ስራሕ ተመኩሮ እዩ። ሓደ ሓደ ኢንተርንሺፕ ክፍሊት ትኽፈለሎም ኢኻ፣ ካልኦት ግን ናይ ወለንታውያን ዕድላት እዮም።

ናብ 2-1-1 ብምድዋል፡ ኣብ ከባቢኻ ማእከል ወለንታዊ ኣበይ ከምዝርከብ ሕተት።

በዚ ኣድራሻ`ዚ ኣቢልካ ኣብ Ontario Volunteer Centre Network (መርበብ ማእከል ወለንታዊ ስራሕ ኦንታርዮ) ተወከስ ovcn.ca

Career Edge (ሞያ ዘዕጥቕ መደብ) ኣብ ዝተፈላለየ ብሕጊ ቁጽጽር ዘይግበረሎም ሞያታት እናሰራሕካ ትምህርቲ ዘቕስም ዕድል ይህብ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ በዚ ቴለፎን እዚ ደውል 1-888-507-3343 ወይ ኣብ'ዚ መርበብ ተወከስ careeredge.ca

## መሰላት ኣብ ቦታ ስራሕ

The Ontario Human Rights Code (ሕጊ መሰል ሰብ ኦንታርዮ)

ብመሰረት እዚ ሕጊ'ዚ፡ ንሰባት ኣብ ደረጃ ዕድመኦም፡ ዓሌቶም፡ መበቆል ሃገሮም፡ ብሄሮም፡ ሃይማኖቶም፡ ስንክልናኦም፡ ማሕበራዊ ደረጃ ስድራቤቶም፡ ጾታኦም፡ መንነቶም ወይ ጾታዊ ዝምባለኦም መሰረት ገይርካ ኣንጻሮም ኣድልዎ ወይ ምስርጣይ ክትፍጽም ክልኩል እዩ። እዚ ሕጊ'ዚ ከመይ ኣቢሉ ኣብ ቦታ ስራሕ መዓርነት ከምዘውሕስ ንምፍላጥ፡ ኣብ Ontario

Human Rights Commission (ልኡኽ መሰል ሰብ ኦንታርዮ) በዚ ኣድራሻ'ዚ ተወከስ፡- ohrc.on.ca

## THE EMPLOYMENT STANDARDS ACT(ESA (ሕጊ መስፈር ምቑጻር ስራሕ))

እዚ ሕጊ'ዚ፡ ኣስራሕቲን ሰራሕተኛታትን ክስዕቡዎ ዝግባእ ከም ሰዓታት፡ ክፍሊትን ናይ ስራሕ ሃዋህውን ዝበሉ መስፈሪታት ወይ መዐቀኒታት የዳሉ። ብዛዕባ'ዚ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምቕሳም፡ ናብ Ministry of Labour's Employment Standards Information Centre (ሚኒስትሪ ዕዮ ማእከል ሓበሬታ መስፈር ምቑጻር ስራሕ) በዚ ቴለፎን'ዚ ደዉል 1-800-531-5551 ወይ ድማ ኣብዚ ኣድራሻ'ዚ ተወከስ ontario.ca

## The Occupational Health and Safety Act(ሕጊ ጥዕናን ድሕነትን ኣብ ስራሕ)

እዚ ሕጊ'ዚ፡ ንጥዕናን ድሕነትን ሰራሕተኛታት ይሕሉ፡ ከምኡ ድማ ግዴታ ኣስራሕቲ እንታይ ምዃኑ ንምሕባር ሓጺር መግለጺ ይህብ። ከም ሰራሕተኛ ምዃንካ መጠን፡ ብዛዕባ ድሕነት ኣብ ቦታ ስራሕን መሰላትካን ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ኣድራሻ'ዚ ተወከስ ontario.ca

- Worker Health and Safety Awareness in 4 Steps (ኣፍልጦ ጥዕናን ድሕነትን ብ 4 ደረጃታት)፡ ብሚኒስትሪ ዕዮ ዝዳሎ መጽሓፍ (ሕታም)እዩ። ቅዳሕ/ ናይዚ መጽሓፍ ንምሕታት ድማ፡ ናብ Service Ontario (ኣገልግሎት ኦንታርዮ) በዚ ቴለፎን'ዚ ደዉል 1-800-267- 8097 ወይ ድማ ኣብዚ ኣድራሻ'ዚ ተወከስ findlink.at/hsawarenes
- ብዛዕባ ኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጥመካ ናይ ድሕነት ጸገማት ዝምልከት ሓበሬታ ንምሃብ፡ በዚ መስመር ቴለፎን'ዚ ደዉል 1-877-202-0008።

## ካሕሳ ሰራሕተኛታት

እንተድኣ ኣብ ስራሕ ጉድኣት ኣጋጢሙካ፡ ካብ Ontario Workplace Safety and Insurance Board (WSIB (ናይ ኦንታርዮ ድሕነት ኣብ ቦታ-ስራሕን ናይ መድሕን ቦርድን)) ካሕሳ ንምርካብ ብቑዕ ክትከዉን ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ'ዚ ዚያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ በዚ መስመር ቴለፎን'ዚ ደዉል 1 - 800-387-0750 ወይ ድማ ኣብ WSIB በዚ መርበብ ሓበሬታ'ዚ ተወከስ wsib.ca

